# ዕላማ ደንቢ ስነ ምግባር

# ዕላማ ደንቢ ስነ-ምግባር

- እምነታት (Values) ስነ-ምግባር ንምጥቓም፣
- ኣብ ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮን ትካላትን ውሽጢ ዝሰርሑ ሰባት ዝመሃርዎም ናይ ስነ-ምግባር መትከላት ንምርኣይ፣
- ናይ ጥቕሚ ጎንፂ ክፍጠር ዝኽእለሉ ኩነታትን እቲ ጎንፂ ከመይ ምክልኻል ከምዝከኣልን ንምርኣይ፣
- ኣብ መንግስታዊ ኣሰራርሓ ውሽጢ ግልፅነት ክህሉ ንምግባር፣
- እቲ ሕብረተሰብ ኣብ ሰብ ስልጣናት መንግስትን ሰራሕተኛታትን እምነት ክህልዎ ንምግባር፣
- ሰናይ ምምሕዳር ክዓስል ንምግባር።

## *ሜላ ምቕራፅ ደንቢ ስነ-ምግባር*

1. ቅንዕና መሰረት ዝገበረ (Integrity based) ሕድ ሕድ ሰብ ንምፍፃም ክምነዮም ዝግበኡ (Inspirational Values) ዝሓዘ እንትኾን ጠመተ ዝህብ ድማ ሰናይ ግብሪ ኣብ ምትብባዕ እዩ።
2. ቅሬታ መሰረት ዝገበረ (Compliance based) ዝርዝር ዝኾኑ መትከላት ዝሓዘን ነዞም መትከላት ዝህልዎ ተገዛኣይ ምኽንያት ዝኾነ ሰብ ክነፀግም ዝኽእሉ ፀባያት ዘሪአና ካብ ምኽንያት ሓሊፉ ቅፅዓት'ውን የቕምጥ።

## ናይ ስነ-ምግባር ኣውታራት /ኣብ ስነ-ምግባር ዝጠቓለሉ/

- ፖለቲካዊ ወይ ቆራፅነት እቲ ኣመራርሓ፣
- ውፅኢታዊ ዝኾነ ናይ ሕጊ ድጋፍ፣
- ተሓታትነት ክህሉ ዝኽእል ሜላ፣
- ብስራሕ ክትርጎም ዝኽእል ደንቢ ስነ-ምግባር፣

- እቲ ስነ-ምግባር ናይ ስራሕ ወይ ኣካል ሙያኻ ምግባር፣
- ንስራሕ ምችው ኩነታት ምፍጣር፣
- ስነ-ምግባር ከተሓባብር ዝኽእል ኣካል፣
- ዝጠንከረ ወይ ዝነቕሓ ሲቪል ማሕበረሰብ።

## <u>መሰረታዊ መትከላት ስነ-ምግባርን ኣብ ውሽጦም ዝሓዝዎም መሰረታዊ ነጥብታትን</u>

- <u>*ቅንዕና (Integrity)*</u>
  1. ክብሪ እቲ ቤት ዕዮ ምሕላው፣
  2. ውልቃዊ መነባብሮኻ ክብሪ ቤት ዕዮ ክሕሉ ብዝኽእል መንገዲ ምምራሕ፣
  3. ክብሪ እቲ ቤት ዕዮ ክጎድእ ካብ ዝኽእል ነገር ምርሓቕ፣
  4. ካብ መዐወሊ ሓሸሽን ወልፍን ምርሓቕ።
- <u>*ግልፅነት (Transparency)*</u>
  1. ከይዲ ኣወሃህባ ውሳነ ግልፂ ክኸውን ኣለዎ፣
  2. ሕብረተሰብ ምስታፍ፣
  3. ሓበሬታ ክዕቀብ የብሉን፣
  4. ውሳነ ምብርህራህ ነቲ ውሳነ ምኽንያት ክውሃብ ኣለዎ።
- <u>*ተሓታትነት (Accountability)*</u>
  1. ኣብ ስራሕን ኣብ ዝውሃቡ ውሳነታትን ተሓታትነት ክህሉ ኣለዎ፣
  2. ሓለፍነትካ ብግቡእ ምውፃእ።
- <u>*ተኣማንነት (Loyalty)*</u>
  1. ንህዝቢ ኢትዮጵያ፣ ንሕገ መንግስትን ንናይ ኢትዮጵያ ሕግታት ተኣማኒ ምኳን፣
  2. ካብ ሕጊ ወፃኢ፣ ሕማቕ ስነ-ምግባርን ግቡእ ዘይኮነ ፍፃመን ምቅላዕ፣
  3. ካብ ቅንዕና ወፃእ መረዳእታ ዘይምቕራብ፣

4. ክእለት ምንኣስ መሳርሕትኻ ዘይምሕባእ፣ /ዘይምሽፋን/።

- ***ሓቅነት (Honesty)***
  1. ካብ ግዕዝይና፣ ካብ ምትላልን ብዘይግባእ ብስልጣን ካብ ምጥቃም ምርሓቕ፣
  2. ንብረት መንግስቲ ንውልቀ ጥቕሚ ዘይምውዓል፣
  3. ውህብቶ ወይ እንግዶት ዘይምፍላጥ።
- ***ምስጢር ምሕላው (Confidentiality)***
  1. ምስጢር ዘለዎ መረዳእታ ምሕላው፣
  2. ምስጢር ዘለዎ መረዳእታ ንውልቀ ጥቕሚ ዘይምውዓል።
- ***ስልጣን ብግቡእ ምጥቃም (Exercising legitimate authority)***
  1. ስልጣን ንውልቀ ጥቕሚ ዘይምውዓል፣
  2. ስልጣንካ ተጠቒምካ ኣብ ልዕሊ ሰባት ፅዕንቶ ዘይምግባር።
- ***ናይ ህዝቢ ጥቕሚ ምሕላው (Serving the Public Interest)***
  1. ናይ ህዝቢ ጥቕሚ ምሕላው፣
  2. ውልቀ ድልየት መሰረት ብምግባር ውሳነ ዘይምሃብ፣
  3. ናይ ባዕልኻን ቤተሰብካን ሃፍትን ገንዘብ ክፍለጥ ምግባር፣
  4. ምስ መደበኛ ስራሕኻ ክፃባእ ዝኽእል ናይ ደገ ስራሕ ዘይምስራሕ፣
  5. መደበኛ ስራሕ ምስለቖቕካ ብስራሕ ኣጋጣሚ ናይ ስራሕ ርክብ ምስ ዝነበሮም ትካላት ቁፃር ዘይምፍፃም።
- ***ዘይምድላው (Impartiality)***
  1. ብዘርኢ፣ ብሃይማኖት፣ ብቋንቋ ወዘተ… ኣብ መንጎ ዜጋታት ፍልልይ ዘይምፍጣር፣
  2. ብፖለቲካዊ ኣረኣእያ ወይ ብኻልእ ቅዋም ወይ ግቡእ ዘይኮነ ፍልልይ ዘይምፍጣር፣
  3. ሚሪት መሰረት ዘይገበረ ቑፃር ዘይምፍፃም።

- ***<u>ንሕቶ ህዝቢ ግቡእ መልሲ ምሃብ (Responsiveness)</u>***
    1. ንበዓል ጉዳይ ግቡእ ክብሪ ምሃብ፣
    2. እዋናዊ መልሲ ምሃብ፣
    3. መሰሉ ብዝምልከት እቲ ሕብረተሰብ ዝተሳሓሓተ ግንዛበ ክሕዝ ዘይምግባር።
- ***<u>ኣብነት ምኻን (Exercising Leadership)</u>***
- ***<u>ሕጊ ምኽባር (Respecting the Law)</u>***

***<u>ደንቢ ስነ-ምግባር ኣብ ዝሕንፀፁ እዋን ጠመተ ክውሃቦም ዝግበኦም ዋኒናት፡-</u>***

- እቲ ደንቢ ቀሊል ክኸውን ይግባእ (Be Simple)
- ነቲ ዝተደለየ ዕላማ ዝገልፅ ክኾን ኣለዎ (Be Relevant)
- ግልፂ ክኾን ይግባእ (Be clear)
- እቲ ደንቢ ዝምልከቶም ክፍልታት ኩሎም ከሳትፍ ይግባእ (Be Inclusive)
- እቲ ደንቢ ክፍለጥ ኣለዎ (Be Public)
- እቲ ደንቢ ክሰረፅ ክግበር ኣለዎ (Be Strategic)
- እቲ ደንቢ ከከም ኩነታቱ ክሕደስ ይግባእ(Be innovative)

***<u>ናይ'ቲ ስነ-ምግባር ብመንፅር ፖሊሲ መልሲ ክወሃቦም ዝግብኡ ነገራት፡-</u>***

- ዓይነት ጥፍኣት፣
- ዓይነት ቅፅዓት፣
- እቲ ቅፅዓት ዝወሰኖ መን'ዩ?

***<u>ዕላማታት ንኡስ ፕሮግራም ምምሕያሽ ስነ ምግባራት፡-</u>***

- ምድላው ደንብታት ስነ-ምግባር፣
- ግዕዝይና ምክልኻልን ምቁፅፃርን ዝኽእል ኣካል ምጥያሽ፣

- ምዕባይ ዓቕሚ ኣካላት ፍታሕን ምትእስሳር ኣሰራርሓኦም ምዋንኻርን፣
- ምዕባይ ዓቕሚ መራኸቢ ኣብዝሓ፣
- ምስፍሕፋሕ ትምህርቲ ስነ-ምግባር፣
- ናይ ግዕዝይና ዓይነት ገበንን መጠንን ምፍላይ ዝኣመሳሰሉ'ዮም።

## ኣብ'ቲ ንኡሰ ፕሮግራም ዝተሓቖፉ ፕሮጀክትታት፡-

1. ምድላው ደንቢ ሰነ-ምግባር፣
2. መጣየሺ ማእኸላይ ኣካል፣
3. ምዕባይ ዓቕሚ መራኸቢ ኣብዝሓ፣
4. ምዕባይ ዓቕሚ ፖሊስ፣ ዓቃቢ ሕግን ኣብያተ ፍርድን፣
5. ትምህርቲ ስነ-ምግባር፣
6. ናይ ግዕዘይና ዳህሳስ ዝበሉ እዮም።

## 1. ፕሮጀክት ምድላው ደንቢ ስነ ምግባር

### *1.1 ዕላማ፡-*

- ንምድላው ደንብታት ስነ-ምግባር ዘኽእሉ መሰረታዊ ዝኾኑ መትከላት ምፍላይ፣
- መትከላት መሰረት ዝገበሩ ደንብታት ስነ-ምግባር ምድላው፣
- እቶም ደንበታት ብስራሕ ክትርጎሙ ብምክትታል ኣድላይ ሓገዝ ምግባር።

### *1.2 ኣጠቓላሊ ትሕዝቶ፡-*

- ካብ ጭቡጥ ኩነታት ሃገርናን ዓለም ለኸ ልምድታትን ዝጠዓዓሙ ኣብ መሰረታዊ መትከላት ስነ-ምግባር ዝተደረኹን ንህዝቢ ተወከልቲ፣ ንፖለቲካ ሹሞኛታት፣ ንዳያኑን ንሰራሕተኛ መንግስትን ዘገልግሉ ደንብታት ስነ-ምግባር ሒዙ'ዩ።

### 1.3 *ፋይዳ (ረብሓ)*

ግዕይና ንምክልኻልን ንምቕናስን እንተተኻኢሉ'ውን መሊእኻ ንምጥፋእ ቀንዲ መሳርሒ ኮይኑ የገልግል።

ኣብ ምምሕዳር መንግስቲ ውሽጢ ስነ-ምግባር ንምዕሳል ሰናይ ናይ ኣሰራርሓ ስርዓት ንምዝርጋሕ ይሕግዝ።

## 2. ፕሮጀክት ምጥያሽ ማእኸላይ ኣካል

### 2.1 *ዕላማ፡-*

- ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ምክልኻል፣
- ግንዛበ ስነ-ምግባር እቲ ሕብረተሰብ ምዕባይ፣
- ናይ ግዕዝይና ገበን እንትፍፀም ተኸታቲሉ ምምርማርን ምኽሳስን ዝኽእል ማእኸላይ ኣካል ምጥያሽ እዩ።

### 2.2 *ኣጠቓላሊ ትሕዝቶ፡-*

- ስልጣን ተግባርን እቲ ኮምሽን ዝወፀሉ መጣየሺ ኣዋጅ፣
- ደንቢ ስነ-ምግባር ሰራሕተኛታት እቲ ኮሚሽንን
- ዝምልከቶም ክፍልታት ሃፍትን ናይ ገንዘብ ጥቕምም መፍለጥን ደንቢ መመዝገብን ቅደም ስዓብ ናይ መገልገሊ ቅጥዕታትን ባሕሪ መዝገብን የጠቓልል።

### 2.3 *ረብሓ (ፋይዳ)*

- ናይ ግዕዝይናን ገበናትን ኣብ ዝሐፀረ ግዘ ተጠርጠርቲ ተፀዊኦም ናብ ፍርዲ ንኽቐርቡን እቲ ትካል ጥንኩር ዓቕሚ ክህልዎ ይገብር።
- ክፍኣት ግዕዝይና ኣመልኪትካ ግንዛበ እቲ ሕብረተሰብ ብምዕባይ ግዕዝይና ክሽከም ዘይኽእል ሕብረተሰብ ንምፍራይ ይኽእል።

## 3. <u>ፕሮጀክት ዓቕሚ ህንፀት ፖሊስ፣ ዓቃቢ ሕግን ኣብያተ ፍርድን</u>

### *3.1 <u>ዕላማ፡-</u>*

ኣካላት ፍትሒ ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ምክልኻል፣ ምኽሳስን ምድናይ ክኽእሉ ዓቕሞም ምዕባይ፣

ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ግዕዝይናን ካልኦት ግቡእ ዘይኮኑ ኣሰራርሓታትን ንምክልኻል ዘኽእሎም ማንዋል (መምርሒ) ክዳለወሎም ምግባር።

### *3.2 <u>ኣጠቓላሊ ትሕዝቶ፡-</u>*

- ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ግዕዝይናን ካልኦት ናይ ምትላል ገበናት ንምክልኻል ዝሕግዞም ማንዋልን (መምርሕን)፣
- ናይ ግዕዝይና ገበነኛታት ግቡእ ፍርዲ ክረኽቡን ብግዕዝይና ዝተረኸበ ንብረት ንምዕጋት ንምምሕዳርን ንምውራስን ዘኽእል ፍሉይ ናይ ስነ-ስርዓትን ምስክር ሕግን ሒዙ'ዩ።

### *3.3 <u>ፋይዳ /ረብሓ/</u>*

- ኣካላት ፍትሒ ዓቕሚ ብምዕባይ ዕሬት ዘለዎን ቅልጡፍ ስርዓት ኣሰራርሓ ክህሉ ይገብር።
- ኣብያተ ዕዮ መንግስትን ግዕዝይናን ብልሽዊ ኣሰራርሓን ናይ ምክልኻል ብቕዓቶም የዕቢ።

## 4. <u>ፕሮጀክት ዓቕሚ ህንፀት መራኸቢ ኣብዝሓ</u>

### *4.1 <u>ዕላማ፡-</u>*

መራኸቢ ኣብዘሓ ኣብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ዝረኣዩ ናይ ግዕዝይናን ገበንን ፍሒሮም ብምውፃእ ከቕርብሉ ዝኽእልሉ ዓቕሚ ምዕባይ።

### *4.2 <u>ኣጠቓላሊ ትሕዝቶ፡-</u>*

- ዓለም ለኸ ልምዲ መሰረት ብምግባር ጭቡጥ ኩነታት ውሽጢ ዓዲ ብምምስኽኻር ዝተዳለወ ምርመራ ጋዜጠኝነት ስርዓተ ተምህርቲ፣

- ፍሰት መረዳእታ ቅኑዕ ዝገብር ናይ መንግስቲ መራኸቢ ኣብዝሓ ርክብ ፕሮቶኮልን
- ደንብታት ስነ ምግባር ሰናይ ጋዜጠኝነትን ፀባይን ዘዐውት ናይ ጋዜጠኛታትን ኣሐተምትን ሒዙ እዩ።

*4.3 ረብሓ (ፋይዳ)*

መራኸቢ ኣብዝሓ መንግስትን ህዝብን ድልድል ኮይኖም ናይ ምርኻብ ዓቕሞም የዕቢ።

## 5. ፕሮጀክት ትምህርቲ ስነ-ምግባር

*5.1 ዕላማ፦*

- ኣብ ኣወሃህባ ግልጋሎት መንግስቲ ዜጋታት ተጠቀምቲ ክኾኑ ዘለዎም መሰልን ግቡእን ምፍላጥ፣
- ኣብ ውሽጢ ኣብያተ ዕዮን ሕብረተሰብን ዕቡቕ ስነ-ምግባር ዝምዕብለሉ ኩነታት ምትዕርራይ።

*5.2 ኣጠቓላሊ ትሕዝቶ፦*

- መሰልን ግቡእን ዜጋታት ብሂራዊ ቻርተር፣
- መምርሒ ኣደላልዋ ትካላዊ ቻርተር፣
- ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ ስራሕ ዘለው ናይ ስነ-ምግባር ስልጠና ንምሃብ ዘኽእል ናይ መሰልጠንትን ሰልጠንትን ማንዋል፣
- እቲ ሕብረተሰብ ኣብ ስነ-ምግባር ግዕዝይናን ዘለዎ ግንዛበ ክብ ዘብሉ ዕሑፋትን፣
- ንትካላት ተምህርቲ ዘገልግል ናይ ስነ-ምግባር ስርዓተ ትምህርቲ ሒዙ'ዩ።

*5.3 ረብሓ /ፋይዳ/፦*

- ዜጋታት ካብ መንግስቲ ክረኽብዎ ዝግበኦም ግልጋሎትን ክማልኡ ዝግበኦም ግቡኣትን የፋልጥ፣
- ኣወሃህባ ግልጋሎት ኣብያተ ዕዮ ውፅኢታውነትን ቅልጣፈን ይውስኽ፣

- ብፅቡቕ ስነ ምግባር ተኾስኹሱ ዝዓበየ ትውልዲ ብምፍራይ ጥንኩር ናይ ስራሕ ወነ ዘለዎ ዜጋ ይፍጠር።

## 6. ፕሮጀክት ዳህሳስ ግዕዝይና

### *6.1 ዕላማ፡-*

- ኣብ ሃገርና ዓዚዙም ዝረአዩ ናይ ግዕዝይና ገበናትን መጠን፣ ዓይነትን ብርክን ፈሊኻ ምፍላጥ፣
- ብዝበለፀ ብግዕዝይና ዝተሃሰዩ ትካላትን ከባቢታትን ምፍላይን፣
- ናይ'ቲ ፅንዓት ውፅኢት ከምፍልፍል መረዳእታ ክገልግል ምግባር።

### *6.2 ኣጠቓላሊ ትሕዝቶ፡-*

- ገበን ግዕዝይና ዝበፅሐሉ ብርኪ፣
- እቲ ሕብረተሰብ ብዛዕባ እቲ ገበን ዘለዎ ኣረኣእያን
- ናይ'ቲ ገበን ዝርጋሐ መጠን ዘርኢ ሪፖርት ይርከብዎም።

### *6.3 ረብሓ (ፋይዳ)፡-*

ንዝካየድ ፀረ ግዕዝይና ቓልሲ ፍልፍል መረዳእታ ካብ ምኳን ሓሊፉ ንግዕዝይና በሪ ከፊቲ ዝኾኑ ኣሰራርሓታትን ፈሊኻን ኣዚዩም ዝተቓልዑ ከባቢታትን ፈሊጥካ ንምክልኻል ዘኽእሉ ሜላታት ንምሕንፃፅ የኽእል።

ኣ/መካ